# *ሓለፍቲ ጉጅለታት ህ.ግ.ደ.ፍ. ን/ጨ ሰሜን ታሕታይ ጀርመን*

## *ብዕለት 26. 09. 2015 ኣኼባ ኣካይዶም*

*ሓለፍቲ ጉጅለታት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ከተማታት ክረፈልድ፣ ቩፐርታል፣ ድዙልዶርፍ፣ ቢለፈልድን ከለንን "ምሕያል ህዝባዊ ግንባር መድረኻዊ ተልእኮ " ብዝብል ቴማ ብዕለት 26.09.2015 ኣብ ከተማ ክረፈልድ ውድባዊ ተልእኮኦምን ውህደቶም ዘበርኽ ኣኼባ ኣካይዶም።*

*መደብ ኣኼባ ብኣቦ ወንበር ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ክረፈልድ ኣቶ ጻሃየ ሃብተን ጸሓፊት ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ክረፈልድ ወ/ሮ ሊያ ሓድሽን ፡ መደብ ኣኼባ ብዝክረ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣኸበኛታት ኣብ ነፍስወከፍ ጉጅለ ፡ ዝተራእዩ ሕጽረታትን እዋናዊ ዛዕባታት ብዝርዝር ብምንጽጻር ፡ ከካይድዎ ዝጸንሑ ሓፈሻዊ ስራሓት: እወታውን ኣሉታውን ሜዳያት ዘትዮም ።*

*ኣኼበኛታት ትማልን ሎምን ጽባሕን ብቐንዱ ኣብ ህዝብናን ኣብ ቅኑዕን ንጹር ራእዩን ዕላማን መሪሕ ውድብና ብምግንዛብ፣ እዚ ኣብ ቅድሚ ከቢድ ግሁድን ስውርን ፡ ዞባውን ዓለማውን ተጻብኦታት ጸኒዕና ክንቀውም ካብ ዘከኣሉና ዝዓበዩ ጸጋ ድማ ሓያል ሃገራዊ ሓድነትናን ብልዑል ሃገራዊ ፍቅሪ ዝልለ መሪሕ ውድብና ህዝባዊ ግንባርን ሓይሊ ህዝቢ ኤርትራን እዩ። ነዚ ብቐሊል ዘይርኤ ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ድማ ንደርማስ ተጻብኦታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ስርዓት ወያነን ኣላሽ ኣቢሉ ስልጥንትን ሰላም ዝዓሰላ ርግእቲ ሃገር ኣብ ምህናጽ ለይትን መዓልትን ከይበለ ብትካቦ ዘይኮነስ ኣብ ጉልበቱን ብቅዓቱን ኣብ ገዛእ ነፍሱ ኣሚኑ ደም ረሃጹ እናከፈለ ዓቢ ሰረት ናይ ምዕባለ ዘንብር ዘሎ መሪሕ ውድብና ፡ ንምሕያሉ ናይ ነብስ ወከፍና መድረኻዊ ተልእኮና'ዩ ክብሉ ኣብ ዝተቓንዐ ኣኼባ ኣስምሮሉ።*

*ኣብ መደምደምታ ውድባዊ ዓቕምታት ዘደንፍዕ ሃነጽቲ ኣገደስትን ርእዮታት ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ተሪፎም ዘለዉ ዕዮ ገዛ ኣብ መፈጸምትኦም ንኽበጽሑ ብምርድዳእ ፡ ብዝሓየለ ጥርናፈን ውድቤን ንጥፈተትን ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባር ዘሓይልሉ ቃል ብምእታው ፤ መደብ ኣኼባ ብዓወት ከዛዘም ከሎ ፤ በቲ ጉጅለ ክረፈልድ ዝገበረቶ ናይ እኽለማይ እንግዶት ድማ ምስጋና ድማ ተስተፍቲ ኣኬባ ዕዙዝ ምስጋና ቀረበ።*

*ዘለኣለማዊ ዝክሪ ንሰምእታትና*

*ዓወት ንሓፋሽ !*

*ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨንፈር ሰሜን ታሕታይ ጀርመን*

*ክረፈልድ ፡ ዕለት 26.09.2015*